# ሰላም ክነሰይ፣ፍትሒ መሪጸ

ሕሰብ ኣስተውዕል ተማራመር ተባራረብ

ኩቡራት ተኻታተልቲ ወይብ-ሳይታት፣**ሰላም** ከመይ ቀኒኹም፣እቲ ዝገርም **ሰላም** እናበልክኹም ክነሰይ፣ ብሰንኪ እዚ ተንኮለኛ/ዲያብሎስ ውልቀ መላኺ፣ ነዛ ኩሉ ዝምነያ ኩሉ ዝደልያ፣ንዕኣ ኢሉ ደም ዝኸፈለ ህዝብና ሕጂ ከም ትማሊ ብሽም **ሰላም** ክማቓቐል ክትርኢ ከለኻ፣ ስነ-ኣእምራዊ ምንዋጽን ድቃስ ዘይብልካ ምሕዳር ጥራይ ዘይኮነስ፣ ሰውነትካ እዉን ኣብ ክልተ ይምቀል፤**ሰላም ዶ ትቕድም ፍትሒ ?** ናብ **ሰላም** ክትበጽሕ እንታይ ክትገብር ይግባኣካ ? ኣዮናት እዮም ናይ **ሰላም** ረቛሒታት ? ስለምንታይ **ሰላም** ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ትኣቱ ?ኮታ እዚ ዘይብሃል ሕቶታት ይውሕዙ።

እቲ ዝገርም መንኮርኮር ታሪኽ ንድሕሪት ቁሊሕ እንተ-በልካ፣ናብ 50ሳታት ምስ ትምለስ ህዝብና ካብ ፍቕሪ-ሃገር ዝነበረ፣ ዓቢን ሰፊሕን ምንቅስቓስ፡ናብ ሓድነት ምስ-ኢትዮጵያ፣ኤርትራ ናይ ኤርትራውያን ብኤርትራውያን ዝብል ተመቕሉ፣ ኣብቲ ሸው ዝዋስኡ ዝነበሩ ውድባትን ምንቅስቓስን እንዝክሮ ታሪኽ ኮይኑ፡(proctorat)ተጸዋኒት እንግሊዝ ዝነበርናሉ ሃገና ናብ 2 ተመቒላ ፍርቁ ምስ ሱዳን እቲ ፍርቁ ምስ ኢትዮጵያ ዝብል እማመኡ ብህዝብና ተነጺጉ ኣብ ክንዲ ምምቃል ስጋብ ግዚኡ ኣኺሉ ናጽነቱ ዝጓናጸፍ፡ኣብ ፈደራሽን ምስ ኢትዮጵያ ክቑረን ከም ተገደደ ዘይርሳዕ ኮይኑ ህዝብና ን-**ሰላምን ሓድነት ህዝቡን ልእላዉነት ሀገርን ብፍላይ ክኣ ዲሞክራስን ግዝኣተ-ሕግን** ዝተቓለሰን ናብ ደቁ ሃብታም ኒሕ/ሓቦ ዘውረሰ ምዃኑ ምስክር ብዙሓት መስዋእቲ ከፊልና ናጽነትና ተጋናጺፍና፣ናብ ሓርነት ክንጓዓዝ ኣብ ዝጀመርናሉ፣በዚ እከይን ተንኮለኛ ህዝብን ሃገርን ተጨውይና፣ብ-ዲቕ ዝበለ ዲክታተርነት ንማሓደር ኣለና።ነዚ ስርዓት ካብ ሱሩ ቦንቍርካ ብምውጻእ ቁማዊትን ዲሞክራስያውት ኤርትራ ንምምጻእ ቅልስና ይቕጽል ኣሎ።

ኣብዚ እዋን እዚ ብምሰረት ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ፣ተስፋ ዝህብ ዲሞክራያዊ ጉዕዞ፣ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝርአ ዘሎ በቢዓይነቱ ለውጥታት ምስ ጎርባብቲ ሃገር ንዝነበረ ዘይምቅዳው ፍታሕ ምርካብን፣ተዋሃሂድካ ምስራሕን፡ነቲ ን 16 ዓመታት ኣይሰላም ኣይውግእ፣ንውዕል ኣልጀርን ብይን ሀግ፣ኣብ ግብሪ ከይትርጎም ብፍላይ፣ብወገን መንግስታት እትዮጵያ ዝቐርብ ዝነበረ ቅድመ-ኩነት፣በዚ ሕጂ ዘሎ ቐ.ሚ. ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ንኩሉ ሕልኽላኻት ሰቢሩ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ውዕል ኣልጀሪን ብይን ሀግ ንቕበሎን ክንትርጉሞ ቁሩባት ኢና፣ብወገን መንግስቲ ኤርትራ ቁርብነቱ ከርኢ ንምነ ምስ በለ፤ ድሕሪ ኣጽቂጥካ ምጽናሕ፤ ኣብ ዕለት 20/ሰነ/2018 መዓልቲ ሱዉኣት ዝዝከረሉ ህዝብና ብጾሎትን ትዝታን ን-ናጽነት ሃገርን ፍትሕን፣ሰላም ርግኣትን ከምጽኡ ዝተሰውኡ ዘስተንትነሉ ሰዓት፣ዲክታተር ኢሳያስ ንስሚዒትን ትምኒትን ህዝቢ ተመርኲሱ፣እቲ ዶብና ክንሕሉ ብዝብል ነዊሕ ከሳቕዮ ዝጸንሐ ጉዳይ፣ጨራ-ብርሃን ዘስምዕ መደረ ካብ ናይ ምቕባል ጨብጨባ ሓሊፉ ሽዑንሽዑ መልሰ ተግባር/ምጽራር/ተጻብኦ ክገብር ዘይትጽበዮ ኩነት እዩ።ከም ንፈልጦ ህዝብና ንሰላምን ሰናይ ጉርቡትና ካብ ኩሉ ክኣ ብማዕርነት እትሳማማዓሉ ምስ ኩለን ጎራባብትና ኣብ ሕድሕዳዊ-ስምምዕ reciprocity ዝተሞርኮሰ ምሕዝነታው ዝምድናታት ዝደልን ዝመርጽን ዝብል እምነት ኣሎኒ።

ከም ኩሉ እንርእዮን እንነብሮን ዘሎና ውልቀ መላኺ ድሕሪ መደርኡ ከምታ ዝበላ፣ብዝላዓለ ሰበ-ስልጣን ከጽንዕን ሓዲሽ፣ ስትራተጂ ንመጻኢ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ክንስንድ፣ብዝብል ምስምስ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ሊኢኩ፣ሉኡኻቱ ደባዳበ ሒዞም ከይዶም ተመልሶም፣ትሕዝትኡ ምስጢር፣እንተ ኣብቲ ክብራዊ ግብጃ ዝተገብረሎም ብመንግስቲ ኢትዮጵያ፣ዝተዛረብዎ ንኽትሰምዖ ዝድንጽወካን ዘገርምን ናይ ስሚዒት ስኽራን ዝተሓወሶ ሃተውተው፣ወይ ሰክራም ናይ ልቡ ይዛረብ ዝብሃል ሰሚዕና። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ድሮ ዝተፋላእዩ ዘይጥሩንፍ ወኸሰታት ኡሱራት ይፈትሑ፣ሕጂ ቁዋን ክትርጎም ዝኽልከሎ ነገር የለን፣መወዳእታ ዘይብሉ ኣጎልጉሎት የብቅዕ፣ዉዑል ኣልጀሪ ብይን ሀግ ይተርጎም፣እዚኦምን ካልኦትን ሕቶታት ከልዕል ጀሚሩ ኣሎ ዝብል ክትሰምዖ ደስ  ዘብል ህዝባዊ ጠለባት ይነፍስ ምህላዉ እንጽበዮ ዝነበርና ህሞት እዩ።

ኣብ ወጻኢ ዝስማዕ ዘሎ ግብረ መልሲ ናይ ሉኡኻት ውልቀ መላኪ ናብ ኣዲስ ኣበባ ጉዕዞ፡ጹቡቕ ገይሩ ስለምንታይስ ዶ/ር ኣብይ ኣሕመስድ ንዉዑል ኣልጀሪ ምቅባልን ኣብ ግብሪ ክትርጉም ቁሩብ ካብ ኮነ፣እቲ ስርዓትን ተኸተልቱን ኩሉ እቲ ዝብልዎ ዝነበሩ ዶብና ከይተሓንጸጸን ኩሎም ወተሃደር ኢትዮጵያ ፈጺሞም ካብ መሬትና ከይወጹ፣ምስ ዝኾነ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝርርብ ዝባሃል የለን ዝብል ቃላታቶም ኣብ እንዳጓሓፍ ደርቢዮም፣ከምዘይ በልዎ፣ናይ ስላምን ፍቕርን ይቕሬታን መዝሙር ክዝምሩ ክትሰምዕ የስደምም ጥራይ ኢልካ ኢዩ ዝሕለፍ።

በቲ ሓደ ወገን ድማ እቲ ጽውዒት ናይ ዶ/ር ኣብይ ናይ ሰላምን ናይ ውዑል ኣልጀሪን ብይን ሀግ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ክንትርጉም ምባል ብሙሉእ ልብና ንቕበሎን ንምጉሶ፤ኮይኑ ግን ውና ምሕንጻጽ ነቲ ብድልየት ክሊትኤን መንግስታት ተሓቲቱ፣ይግባይ ዘይብሃሎ ብይን ዝተሳማማዓሉ፣ወዳእ ነገር፣እሱ ስለ ዝኾነ ክሊቲኦም መንግስትታት ዝርርቦም ምስ ምሕንጻጽ ዶብ ኮሚሽን ኮይኑ ኩሉ ዝሰዕብ ዲፖሎማሲካዊ ዝርርባት ድሓር እዩ ክስዕብ ዝግባእ ዝብሉ  ኣለዉ።

እዚ ንቶንኮል ዝቕድማ እከይ ስርዓት፣ ባህርያት ህዝብና ዘጽነዐ በቢእዋኑ ስትራተጂታት ብምልዋጥ ኣብ ነንሕድሕድና እንናቐተሉ ባይታ እናፈጠረ ዝቕጽል ዘሎ እከይ መላኺ ኣስመራ፡እታ እንኮ እተሰንብዶ **ሓድነት ደምበ ፍትሒን ምውህሃድ ህዝብን**፣ከምዝኾና እና ፈልጥና ክነስና ከነተርጉመን ዘይምኽኣልና፣ናትና ሕምቀት ኮይኑ፣ እዚ ስርዓት ኣብ ድኽመትና እዩ

ዝነነብር ዘሎ ዘብለካ። እሱ ጥራይ ዘይኮነስ ኩሉ እዚ ውልቀ መላኺ ዝገብሮ ዘሎ ረሲዒና፣ነቶም በቢእዋኑ ንቅዋም ክትርጎም ዝሓተቱ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጒኖም ዝበልዩ ዘለዉ፣ብሰንኪ ኣብ ዓለም ዘይተራኤን ዝኸፍኤን ኣጋባብ ማእሰርቱ ቡዙሓት ተሰዊኦም ብዙሓት ብሕማም ዝሳቐዩ ምህላዎም ፍሉጥ እዩ።መንእሳያት መወዳእታ ዘይብሉ ሃገራዊ ኣጎልጉሎት ተቐሪኖም ካብኡ ኣምሊጦም ብምህዳምን ኣሰር ሞትን ሕማምን፣ ስጋብ ኣክላት ኣብ ዕዳጋ ዝወረደ እንፈልጦ ሕማቕ ታሪኽ እዩ።እዚ ኹሉ ግፍዕን ብስረት ህዝብና እና ረኣዩ ወይ ረሲያም፣ከም በዓል ማሓመድ ሳልሕ ዝኣመሰሉ (ቅልውላው ትብል ጽሑፉ ተመልከት)ክልኦትን፣(credit)ተኣማምነት ክህብሉ ክትሰምዕ ከለኻ፣ ዝስምዓካ(shudder)ኣሰካሕክሕ/እኽምትምት እዩ ዘብለካ።ብሓቂ ሰላም/ፍቅሪ/ይቕሬታ/ሓድጊ ዝደሊ ሰብ፣ ነዘን(adjective)ቅጽላት እዚኣተን ቅድም ኣብ ገዛኻ ድሓር ኣብ ጎረበትካ-ዶ ኣይኮነአን ክንጥቀመለን ዘሎና። እንተ ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ምምጻእ ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ኡሱራት ተፈቲሖም፣ ተቓወምቲ ኮይኖም ኣብ ዲያስፖራ ዝዋስኡ ዝነበሩ ኣብ ሃገሮም ተመሊሺም፣ብነጻ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳቶም ከገብሩ ኣብ ማሕበረአዊን ቁጠባዉን መድያታት ክዋሱኡ ተዓዲሞም ይምለሱ ከምዘለዉ ይሕበር። እታ ይቕሬታ ኣብ ሞንጎና የዲሊ፣ሕጊ ንኩላትና ማዕረ እዩ፡ ጉዙኣተ ናይ ሕጊ ንኹን ክብል ክትሰምዕ ከለኻ ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ናይ ዕርቅን ሰላምን ተጀሚሩ ክትብል ትኽእል።ኣብ ጎራባብቲ ሃገራት እናኸደ ምስ ኩሎም ዝተራኸቦም ናይ ምርርዳእን ምድግጋፍን፣ሕድሕዳዊ ስምምዕ ክገብር ይርአ ጥራይ ዘኮነስ፣ነዚ ብዘይካ ንዓይ ስምዑኒ፣ኣነ ዝበልኩኹምም ግበሩ ዝኣመሉ ስርዓተ ኢሳያስ እዉን እናጎየየ ብዝላዓለ ወከልቱ ሰዲዱ። እዚ ዘዛርበና ዘሎ እዋናዊ ዛዕባ ኮይኑ ኣሎ።ዘገርም እዩ እንታይ ደኣ ረኺብዎ እዚ ዲክታተር ውዕል ኣልጀሪ ብይን ህግ ይቶርጎም፣ ወተሃደራት ኢትዮፕያ ፈጺሞም ካብ ኤርታራ ከይወጹ ከለዉ ምዝራብ ይኹን ንቡር ዲፕሎማስያዊ ርካባት ዝባሃል የለን ክብል ጸኒሑ፣እንታይ ዓይነት ጸቕጢ፣ ወይ ውሕስነት/መብጽዓ ዝኣተወሉ/ዝሃብዎ ኣለዉዶ ኾይኖም ?እዛ ምልስ ምልስ ናብ ሃገራት ኣዕራብ እንታይ እዩ ምስጢሩ ?ጉሉጽነት ዘይብሉ፣ ኩሉ ንሱ ባዕሉ ዝህንድስ፣ ተንኮልን ስልትን ክምህዝ ዝነብር፣ ከምቲ ኣቐዲመ ጺሒፈዮ ዝነበርኩ ኣልጎሪዝም/ሕልኽልኽ ዝበለ ስትራተጂ ጠጅእዎ ዝጸንሐ ዝትርጉሞ ዘሎን ዶኾን ይኸዉን ?እዚ ዘይምህዞን ዘይገብሮን የለን እሞ፣ ደምበ ፍትሕን-ህዝቢ ኤርትራን ተጠንቂቑ፣ካብዚ ዘሕለፍናዮ 27 ዓመታት ዝጸልመተ ግዝኣተ ውልቀ መላኽነት ከይቅጽልን ክይዋራረስን ዓይንና ከነንቁሕ ይግባእ።

ሎሚ ካብ ዝሓለፈ ግዜ ወርቃዊ ኣጋጣሚ ዝኾነ ታሪኻዊ እዋን፣እዚ ስራዓት እዚ መሕቢኢ ሲኢኑ ቀልባዕባዕ ዝብለሉ ዘሎ እዋን፣ ናይ ቃልስና መንፈስ የሐዲስና፣ጽልኢ ቅርሕንቲ ምኊርጣፍ ንዮው ኢልና፤እታ ሰላም-ፍቕሪ-ይቕረታ-ሓድጊ ዝብላ ቅጽላት ናትና ጌርና ንህዝብና እንጥርንፈሉ ብሓባር ኮይና እምቢ ንዘይሕጋዊን-ንዘይውግዓዊን ስምምዓት፡ውዑል ኣልጀሪ ብይን ህግ ብዘይ ውዕል ሕደር፣ ብማእከልነትን ኣህጉራዊ ኮሚሽን-ምሕንጻጽ ዶብ ይጀመር፡ሰላም-ርግኣተ ህዝብታት ዝመጽእ፣ብሕጋዊን ኣድማሳውያን ዉዑል ምስ ዝኽብርን ኩሉ ዝትርጎምን እዩ። ዲፕሎማስያዊ ርክባት ጉሉጽን ኣብ ቃልዕን ክኸዉን ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ጽዊዒት ምግባር። ምኽንያቱ ዶ/ር ኣብይ ኣሕመድ ድሕሪ ሕጂ ኩሉ ብጉሉጽን ህዝቢ ዝፈልጦን ክኸዉን እዩ፤ኢሉ ኣብ ባይቶ ቃሉ ስለ ዝሃበ። እንተ ናይ ውልቀ መላኺ ግን ንኹሉ ዓፊኑ ዝሕዝ፣ ዝውከሶ ዘይብሉ ዋላ እቶም ምኒስትራቱ ብኣዋጅ እንተዘይ-ኮይኑ ኣብ ካቢነ ምኒስትሪ ዘጽድቕዎ ሰነድ ይኩን ተግባረ-መንግስቲ ስለ ዘይብሎም፣እቲ ብ20/ሰነ/2018 ዝሃቦ መግለጺ፣ ሉኡኻት ከነበግስ ኢና ምስ በለ ሃንደበት ኮይንዎምን ዘይጽበይዎ ኣዋጅ ምንባሮም፣ብገጾምን በቲ ዘቕረብዎ ዝነበሩ ጣቒዒት ምስ ህዝቦም ክንዕዘቦ ንኽእል። እዚ ስለ ዝኾነ ካብ ውልቀ መላኺ መግለጺን ሓበረታ ክትረክብ ማለት፣ ማይ ምዕማኽ ጥራይ ዘይኮነስ፣ባህርያት ናይዚ ድክታተር እዉን እዩ። በዚ ምኽንያት ንምክትታልን ምፍላጥን ብመራሒ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብድ/ር ኣብይ ኣቢልካ፣በቲ ቃሉ ዝሃቦ ክትርጉሞ ምሕታት ይካኣል።ብወገና ኣብ ኢትዮጵያ ህላውነትና ብዝተሓደሰን ሙዑቡል ፖለቲካዊ መርሆ እንተ'ደኣ ኣካይድና፣የዕሩኽ ገዛጠኞታትን ዲሞክራስያውያን ውድባትን ብቢ ዓይነቱ ደገፍቲ/ኣማላዳይ ክህሉዉን ብምጽዓር ጸቕጢ ክንገብር ክንኽእል ኣሎና።ህላውነትና ከነራጋግጸሉ ክንዋሳኣሉ ሎሚ ካብ ቀደም ዝሰፍሐን ዝዓሞቔን ክኸዉን ተኽእሎ ኣሎ።

ምስቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝካየድ ዘሎ ለውጢ ንዓና እዉን ነቲ ዝነበረ ኣጋባብ ቃልሲን ፖለትካዊ ጒዕዞን ለዊጥና ግስጋሰን/መዕባለን ክንገብር ዝዕድም ሃዋህዉ ጥራይ ዘኮነስ ግዴታ እዉን እዩ። ስለዚ ንሕሰብ ንማራመር ንባራበር፤እቲ ኩነት-መበቆልን፣ ናይ ኣቦታትና ምዕቡል ዲሞክራስያዊ ባህሊ ውርሻና፣ ተቃሊስና ናጽነት ክንዓነጸፍ ሓጊዙና ስለ ዝኾነ፣ ሕድሪ ሱውኣትናን፣ ነቶም ቊዋም ይተርጎም ስለዝበሉ፣ ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ሂወቶም ዘሕልፉ ዘለዉ ሓርበኛታትና፣ ከይረሳዕና፣ጽዊዒት ህዝብና፣ንዲሞክርሲ፣ግዛኣተ-ሕጊ፣ሰላም-ርግኣትን፣ብዓውታ ከነስመዕን፡ዶብና ብውዕል ኣልጀሪን ብይን ህግን ይትሓንጸጽ፣ኡሱርት ይፈትሑ፣ ቊዋማዊት ሃገር ትሃልወና፣እዩ ክኸዉን ዘለዎ ጭርሖና።እወ ሎሚ ከም ትማሊ ብሓድነት ቃልስና ዲሞክራስያዊት ሃገር ክትህልወና ይካኣል እዩ።

ብሰላም ኣብ ዝመጽ የራኽበና